# እንስሳታት

**(Animals)**
## ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት ምስ መጻወቲታት
**(Talking activities with toys)**

## ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ
**(Talk about what you and your child are doing)**

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቲ መጠን፣ ውሉድኩም ቛንቛ ኣብ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። መጻወቲታት ሒዝኩም ኣብ እትጻወትሉ ግዜ ናብ ናይ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቋንቋኡ ንኽሃንጽ ሓግዝዎ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቛኹም ፈትኑዎም።

### ምስ ህጻን ውሉድኩም
**(With your baby)**

- ንተን እንስሳታት ከም ላሕሚ፣ ከልቢ፣ ኣንበሳ ከምኡውን ካልእ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ሰይሙዎም። ምስ እንሰሳት ዝኸድ ከም እምባሕ ከምኡውን ዉው ዝኣመሰለ ድምጽታት ግበሩ።
- ንእንስሳ ኣብ ናሕሲ መጻወቲ ወይ ኣብ ሰደቓ ኣቐምጡ። ውሉድኩም ኸም ዘፍርሶ ግበሩ። “ዋይይ! እቲ ሓሰማ ወደቐ" በሉ። ደጊምኩም ግበርዎ እሞ ተጸበዩ። ካልእ እንስሳ ተጠቐሙ።

### ምስ ብእግሪ ክኸድ ዝጀመረ ቆልዓ
**(With your toddler)**

- ምስ እንስሳታት ኣምሲልኩም ተጻወቱ ። ብዛዕባ እቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ተዘራረቡ። "እታ ላሕሚ ትበልዕ ኣላ" ወይ "እታ እንቍርዖብ ትዘልል ኣላ" በሉ። ውሉድኩም ሓንቲ ቓል ኽዛረቡ ከለዉ፣ ሓድሽ ሓሳብ ወስኹ። "ድሙ" እንተ ኢሎም ንስኹም "ንእሽቶ ድሙ" ወይ "እታ ድሙ ፈጣን እያ" ትብሉ።

**ምስ መጻወቲ እንስሳታት ክትጻወቱ ከለኹም ካልኦት መጻወቲታት ተጠቐሙ። ነቶም እንስሳታት ኣብ ኣውቶቡስ ኣእትዉዎም እሞ ናብ ቤት ትምህርቲ ውሰድዎም።**

### ምስ ኣብ ኣጸደ ሕጻናት ዘሎ ቆልዓ
**(With your preschooler)**

- ውላድኩም መራሒ ክኾኑ ፍቐዱሎም። ምስ ኣይናይ እንስሳ ኽጻወቱ ከም ዝደልዩ ክነግሩኹም ይኽእሉ እዮም። እንስሳኹም እንታይ ይገብር ከም ዘሎ ተዘራረቡ። "እታ ዜብራ ደቂሳ ኣላ። ሕጂ እትበራበረሉ ግዜ እዩ። ዜብራ ተንስኢ" በሉ።
- ምስቶም እንስሳታት ዛንታ መስርቱ። እንስሳ ኸም ዝሓመመን ናብ ሓኪም እንስሳ ኽከይድ ከምዘለዎን ኣምስሉ። ወይ ከኣ እንስሳታት ኣብ መካነ እንስሳታት ከም ዝነብሩ ኣምስሉ።

እዞም ሓሳባት እዚኦም ኣብ እንስሳታት ወይ ኣብ ናይ ዳይኖሰር መጻወቲ እውን ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል ኢዩ። ብዛዕባ እንስሳታት ክትመሃሩሉ እትኽእሉሉ ካልእ መገዲ ኸኣ ውሉድኩም ንቤት እንስሳ ዘቤት ክከናኸን ምትብባዕ እዩ። ንጸጉሪ እቲ ኸልቢ ኺቡርሸዎ ወይ ከኣ ነቲ ድሙ እትበልዓሉ ጭሔሎ ኽመልእዎ ይኽእሉ እዮም።



### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ
**(Where to get help)**

ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ፍለጡ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፣
myhealth.alberta.ca/Topic/Pediatric-Rehabilitation/Pages/Talk-Box-Tigrinya.aspx

እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያ ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፡ "ከምዝኾነ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቑዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

እዋናዊ ካብ ዕለት፦ ፌብሯሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)